ሰላም ወጋሕታውያን ጠለብን ልቢ ሰብን ፈሊጥኩም ሓቀኛ ሓበሬታ ምምጋብኩም እንድዩ ብልጫኹም ኣብዚ መወዳእታ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ሓፋሽ'ዚ ሃገር ብኢሳይያስ ዝወርድ ዘሎ ምጉብዕባዕን ምፍርራሕን ናይ ጸርፊ መደራጉሕን ካብ ፈለማ ክሳብ መወዳእታ ናተኽታተልኩም ክተቃልዕዎ ብምኽኣልኩም ብስም መላእ ሓቀኛ ኣባል ሚኒስትሪ ዜና'ዚ ሃገር ክነመስግነኩም ኣፍቅዱልና፡፡

ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝጀመረ ወፍሪ ምፍርራሕ መላኺ ኢሳይያስ ንኢሬቴልን ድምጺ ሓፋሽን ወሸን ኢሉ ኣብታ ንተን ካልኦት ክተቖናጸብን ክትድህልን ተመዲባ ዝጸንሐት ቲቪ ኤሬ በጺሑ ዳርጋ ንኩለን መንግስታዊ ትካላት ማዕኸናት ዜና 'ዚ ሃገር ኣባጺሑ እዩ ድሕሩ ከኣ ብስሩዕ ኣኼባን ብዘይ ወግዓዊ መገድን እቲ ድልየት ኢሳይያስ እንታይ ምዃኑ ይንገረናሎ፡፡ እቲ ሓቂ ግን መን እዩ ንዘን መራሕቲ ሓፋሽ ዝቐተለን ?ድሕሪ ሕጂ ኸ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍኣ ካብ ምስግጋር ዝሓለፈ ለውጢ ከመይ ኢሉ ክመጽእ? ዝብል ኩሉ ዜጋ ግንዛበ ክህልዎ ምእንቲ እዚ ሓቀኛ ሓበሬታ ካብ ውሽጢ ሚኒስትሪ ዜና ንሰደልኩም ኣለና ብመገድኹም ከኣ ንኩለን ሓቀኛ መራሕቲ ሓፋሽን መርበብ ሓበሬታታት ሓይልታት ደሞክራሲያዊ ለውጢ ሃገርና ክትሰዱልና ንላቦ፡፡

*ዓወት ንሓፋሽ!!*

## *ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝነበሩ ናይ ሚድያ ድራማታት ሕጂ'ውን ይደገሙ ድዩ ምጉብዕባዕ ኢሳይያስ?*

ከምቲ ኩሉ ሰማዕን ተዓዛብን ዝፈልጦ መራኸቢ ብዙሃን ስርዓት ህግደፍ ሚኒስትሪ ዜና "ሓቂ ነቃልሕ" (serving the truth) ዝብል መርሖ ጭርሖ ዝሓዘለ እዩ፡፡ ድምጺ ሓፋሽ ናይ ከባቢ 30 ዓመታት ዕድመ ዘለዋ ገዲም ትካል እያ፡፡ ብተመሳሳሊ ቴሌቪዥን ኤርትራ ውን ድሮ ዓሰርተው ትሽዓተ ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ፡፡

ቅርጽን ኣቃውማን ናይ'ዚ ትካል 'ዚ ካብ ዝኾነ ናይ ዜናን ሓበሬታን ተመሳሰልቲ ትካላት ኣህጉርናን ዓለምናን ዝፍለ ኣይመስለንን፡፡ ነጻን ርትዓውን ሚዛናውን ናይ ዜናን ሓበሬታን ክፍሊ ከም ዘይኮነ ግን ዝስሓት ኣይመስለንን፡፡ እቲ ቀንዲ ካብ ካልኦት ተመሳሰልቲ ናይ ዜናን ሓበሬታት ትካላት ዝፈልዮ ጭቡጥ ተግባራዊ ሰራሕቱ እዩ፡፡ እቲ ከም መርሖ ጭርሖ ብተደጋጋሚ ዘቃልሖ *"ሓቂ ነቃልሕ"* ዝብል ፍትውን ቁድስን ቃልን ጭቡጥ ክውንነት ናይቲ ስራሕን ፍጹም ዘይቃዶ ናይ ከብድን ሕቖን ፍልልይ እዩ፡፡

ብዙሓት ሕሉፍ እምነት ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝነበሮም ድምጺ ሓፋሽ ይኹን ቴሌቪዥን ኤርትራ ልክዕ ከምቲ ኣብ ግዜ ቓልሲ ዝነበራ ተኣማንነት ሓቂ እምበር ሓሶት ብፍጹም መንፈስ ቁዱስ ዘየቕርባን ዘየቃልሓን ኮይነን ክስምዐኦም ነይረን እየን፡፡ ሎሚ ከምዚ ቀድም ዝበልኩዎ ዓይነት ኣማኒ ኣሎ ክትብል እንድዒ ዝከኣል ኣይመስለንን፡፡ ዓሰርተው ትሽዓተ ዓመታት ቀሊል ናይ መተዓዛዘቢ ግዜ ኣይኮነን ህጻን ተወሊዱ ትምህርቱ ዝዛዝመሉ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሓሉ ዕድመ እዩ፡፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኣቲኻ ክንድዚ ዝኣክል ሓያሎ ዓመታት ከተደናግር ድማ ከቢድ እዩ፡፡ ፍጹም ሕርረት ዓይኒ ሓሰኻ ዘይብሉ ስርዓት ኮይኑ እምበር ሓሶታቱን ሚእቲ ብሚእቲ ከምዝፈለጡ ኣዳዕዲዑ ይፈልጥ እዩ፡፡ ከምኡ ከኣ ተግባራቱ ድራማዊ ስራሓት ከም ዝኾነ እናተቓለዐን እናተኸሸሐን ዝመጸ፡፡ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ልዕሊ 60% ቴሌቪዥን ዝውንን ዲሽ ኣለዎ፡፡ ካብ ፕሮግራም ቴሌቪዥን ኤርትራ ንላዕሊ ንኻልእ ፕሮግራማት ከምዝከታተል ርግጸኛ እየ፡፡ ብተወሳኺ እዚ እንኮ ትካል ሓበሬታን ዜናን ኣብዚ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ጥራይ ተመኩሮን ክእለትን ዝነበሮም ኣባላቱ 100% ኣሲርዎም እዩ፡፡ ሕጂ ኣብቲ ስራሕ ኣለው ትብሎም ሰባት እንትርፎ ሒደት ክኢላታት ዝተባህሎም ዝገብሩ ዝተጻሕፈሎም ዘንብቡን ዝዋስኡን ናይ ምድጋም ክእለት ዘማዕበሉ ሕንጻያት

እዮም፡፡ ብኸመይ መገዲ ናብዚ ዓቢ ክእለት ዝሓትት ተኣፋፊ ስራሕ ኣትዮም ኣይርዳኣካን እዩ ብልክዕ ንጆርናሊዝም ወይ ስነ ቋንቋ ዘጽንዑ ኣብ ኣጻብዕ ዝቑጸሩ ሒደት እዮም፡፡ ጸሓፍትን ሃየስትን ከይትብሎም 'ውን ዝክኣል ኣይኮነን፡፡ ሕጋጋት ሚኒስትሪ ዜና ካብ ሕጋጋት ወትህድርና ዝፍለ ኣይኮነን፡፡ ግበር ኣይትግበር ዝብል ተሪር ትእዛዝ እዩ፡፡ ርቡሕ ደሞወዝ 'ውን የብሉን መብዛሕቲኦም ተመዲቦም ዝመጹ ብመገዲ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ ካብቲ ስራሕ ምእንቲ ከይባረር ናብ ሰራዊት ከይምደብ ተማእዚዞም ሕራይ በሃሊ ከም ዝኾኑ ይኾውን፡፡

ነቲ ቀዲምና ዝበልናዮ ናይ ሚድያ ድራማ ንምፍታሽ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደስክ (ክፍሊ) ኣቲና ምምርማር ዘድልዮ ኣይመስለንን፡፡ ምክፍፋል ደስክታት በብ ዝተዋህበካ ቋንቋ ተርጊመካ ንምቅላሕ እምበር ባዕልኻ ትሰርሖን ትፈጥሮን መደባት ከተተግብር ዝፈቅድ ኣይኮነን፡፡ ኣቓውማ ኣባላት ናይ ነፍሲ ወከፍ ደስክ ግን ብደረጃ እምነቶም (ኣብ ህግደፍ) ኣብቲ ስራሕ ዘለዎም ባይታ ዝተፈላለየ እዩ፡፡ ኩሉ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዝሰርሕ ኣባል እሙን ኣይኮነን ክምኡ ስለ ዝኾነ ሓደ ጋዜጠኛ ንጹር ዘቕርቦ ሓበሬታ ስሩሓት ናይቲ ክፍሊ ዘየትፈልጦን ኣብ ኩሉ ይኽእሎ ኣይኽእሎ ብተደጋጋሚ ክኣቱን ክወጽእን ተርእዮን ብሕጊ ዓውደ ጋዜጠኝነት ንሓደ ነገር መደብ ክትሰርዕ ወይ ቃለ-መሕተት ክትገብር ሓደን ፈረቓን $1_{1/2}$ ናይቲ ተቐርቦ መደብ ክእለትን ኣፍልጦን ክህልወካ ኣለዎ፡፡ ከምዚ ዓይነት ብቅዓት ወይ ክራይተርያ ኣብቲ ክፍሊ ቦታ የብሉን፡፡ ብዓቢኡ ውን ቀጥታ(Live) ዝበሃል ነገራት ውሱን ስለዝኾነ ከተታዓራርዮን ኤዲት ክትገብሮን ጸገም የብሉን፡፡ መብዛሕቲኦም ናይቶም ዘይኣሙናት ዝበሃሉ ኣባላት ስርሓት ሰብ ናይ ምዝንጋዕን ምስ ፖለቲካን ማሕበራዊ ናብራ ህዝብን ፍንትት ዝበሉ ጥቁኡ ዘይጽግዑን መደባት እዮም፡፡ እዝን ወድዝን ዝኣመሰላ ብሕልናኻ ዘይትቕበሎን ዘይተዓግበሉ ስራሕ ከኣ'ዩ ኣብዚ ዝሓለፈ ውሱን ዓመታት ብቁጽሪ ብርክት ዝበሉ ተቐባልነት ዝነበሮም ኪኢላታት ኣባላት ገለ ብምእሳር ገለ ብምድስካል ገለ ድማ ዕድል ኣብ ዝረኸበሉ ብምህዳም ካብቲ ፍትውን ተሃራፍን ስራሓት ዓውዲ ጆርናሊዝም ክእለዩ ዝተገደዱ፡፡ ናብቲ ቀንዲ ዛዕባና ክንምለስ ማዕከናት ዜና ሓበሬታ ጉጅለ ህግደፍ ብሓቂ ድዩ ሚድያዊ ድራማታት ዘካይድ.....? ብሓቅታት ዝተሰነዩ ኣብነታት ምቕራብ ኣገዳሲ ይምስለኒ፡፡

- ብቀዳምነት ሚኒስትሪ ዜና ጉጅለ ህግደፍ ንድሌታት ሓደ ሰብ ንምትእንጋድ ዝቖመ ማዕከን ሓበሬታ እዩ እንተበልናዮ ምግናን ኣይመስለንን፡፡ ንኢሳይያስ ዘየሐጉስን ባህ

ዘየብሎን ነገራት ክፍትን ከቃልሕን ብፍጹም ዘይሕሰብ እዩ፡፡ እዚ ስለ ዝኾነ'ዩ ካብቶም ቀንዲ ተሓለቕቲ ኢሳይያስን ስነ ሓሳብ ኢሳይያስ ከም ዘለዎ ዝሰረጸ ሓላፊ እቲ ክፍሊ ክኸውን ብዝተዓጻጸፈ ዝላ ዓሊ ዓብዱ ክኸውን ዝተመርጸ፡፡

- ንምኒስትሪ ዜና ብድሕሪት መጋረጃ ኮይኖም ዝኣልዩን ዘማእዝኑን ብመሪሕነት ዓሊ ዓብዱ ዝጥርነፉ ካብ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ህግደፍ ከም ዘለው ክዝንጋዕ ኣይግበኦን፡፡ እዞም ሰባት ዝኾነ ነቲ ስርዓት የሐይሎ እዩ ወይ ተኣማኒ ክገብሮ እዩ ዝበሃል ነገራት ንኢሳይያስ ብዘይትንክፎ መገዲ መደባት ክሰርዑን ትንታነታት ክቕርቡን ተኸእሎታት ኣሎ፡፡ ዓበይቲ ጸሓፍቲ፡ ደረስቲ ክኢላታት፡ ዳይሬክተራት፡ ኣለይቲ መድረኻት 'ውን እዮም ኣብ ቴሌቪዥን ይኹን ኣብ ሬድዮ ከምኡ 'ውን ጋዜጣ ሓዳስ ቀዳምነት ዝወሃቦም፡፡ እዞም ሰባት መን እዮም ……?ምፍላጦም ኣገዳሲ ይመስለኒ፡፡
    - ኣቦ መንበርን ኣወሃሃድን ዓሊ ዓብዱ
    - ስነ-ጥበባዊ ደራሲ ጸሓፊ ስእሊ ሚኪኤል ኣዶናይ
    - ስነ-ጥበባዊ ደራሲ ጸሓፊ ኣላይ መድረኽ ሰሎሙን ድራር
    - ጸሓፊ ደራሲ ሚኪኤል በርሀ

እዞም ቀዲምና ዝጠቐስናዮም ሰባት ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዝለዓለ ቦታ ዘለዎም ብድሕሪ መጋረጃ ዝተኸወሉ ኣባላት እዮም፡፡ ዓበይቲ ስራሕቲ ሚኒስትሪ ዜና ከኣልዩ ዓሊ ዓብዱ በዞም ዝተጠቐሱ ሰባት እናተማእዘነ እዩ ዝኸይድ፡፡ ነዚ ነገር'ዚ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዘለው ኣባላት 'ውን ብዙሕ ኣይፈልጥዎን እዮም፡፡ ናይ መብዛሕቲኡ ኣባል ዋላ 'ውን ናይቲ ተኣማኒ ዝበሃል ኣብ ጽፍሕታት ናይቲ ክፍሊ ዝተቐመጠ ግምታቱ ኢሳይያስ ባዕሉ ወይ ዓሊ ዓብዶ የዳልውዎ ዝብል ግምት እዩ፡፡ እዚ ጉጅለ'ዚ ከምቲ ቀዲመ ዝጠቐስኩዎ ብኣቦ-ወንበርነት ዓሊ ዓብዱ መዓልታዊ ሓጸርቲ ርክባት ኣኼባታት ኣለዎ፡፡ ተኣፈርትን ከበድትን ዝበሃሉ ዜናታት ፡ሓተታ፡ ርእሲ ዓንቀጽ ናይ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ፖለቲካዊ ትንታነታት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝተፈላለየ ናብ ብርዒ ዘይፈለጥ ኣስማት ብምጥቃም ዝጽሕፋን ዘዳልውን እዮም፡፡ ጽሑፍ ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ከም ውዱእ ትእዛዝ ብላዕሊ ስለ ዝመጽእ ቁጽጽር ይኹን ስራሕ ሳንሱር ኣይግበርን እዩ፡፡ ክሳብ ምልክታት ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዓንቀጻት ብምጥቃስ ዝጻሓፉ ጹሑፋት በዞም ሰባት እዚኣቶም ቃላት ተሓርዮምን ተመሪጾምን እዩ

ዝቐርብ፡፡ ኢሳይያስ ወይ ገለ ካልኦት ዓበይቲ ሓለፍቲ ሓለፍቱ ብጹሑፍ ዝገብርዎ መደረ ከይተረፈ ዘወቅቡን ዘመዓራርዩን ኣካላት እዮም፡፡

- ብኻልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ኣብ ውሽጢ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ጸፍሕታት ናይቲ ክፍሊ ዝተቐመጡ ንዜናን ካልእ ማሕበራዊ ነገራትን ብሓላፍነት ዝዓዩ እዮም፡፡
- ጳውሎስ ነታባይ ኣባል ሚኒስትሪ ዜና
- ጸሓፊ ደራሲ ሰሎሙን በርሀ ኣባል ሚኒስትሪ ዜና
- ኣስፈሃ ተኽለ ማርያም ኣባል ሚኒስትሪ ዜና
- ኣስመላሽ  ኣብርሃ ኣባል ሚኒስትሪ ዜና
- ገ/መስቀል ገረዝግሄር ኣባል ሚኒስትሪ ዜና
- ግርማይ ኣብርሃ ኣባል ሚኒስትሪ .....ወዘተ ዝኣመሰሉ እዮም፡፡

እዞም ብኻልኣይ ደረጃ ዝጥቀሱ ፍጹም እሙናት ዝበሃሉ ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና እዮም፡፡ ኩሎም ኣብ ዝተፈላለየ ላዕለዋይ ጽፍሒ ናይቲ ሚኒስትሪ ዝተቐመጡ እዮም፡፡ ትዕበ ትንኣስ በቲ ቀዳማይ ጉጅለ ዘይዕመሙ ናይቲ ሚኒስትሪ ስርሓት ዘጻፈፉን ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጹ ዜናታት ጹሑፋት ብዝግባእ ርእዮም ቁቡልን ዘይቁቡልን  ዝፈላልዩን መደባት ዝሰርዑን እዮም፡፡ እዛ ጉጅለ እዚኣ ብቐጥታ ምስ ሓላፊ እቲ ክፍሊ መዓልታዊ ርክባት ዘለዋ እያ፡፡ ብጀካ እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣብ ዝተፈላለየ ስራሓት ናይቲ ክፍሊ ብቐጻምነት ዝነጥፉን  ዝጽውዑን እሙናት ዝበሃሉ ኣለው፡፡ እቲ ድራማ ካብዚ'ዩ ሀ ኢሉ ዝጅምር ናጽነት ናይቲ ስራሕ ኣብ ኢድ ሒደት ሰባት ተገቢቱ ስለ ዝኸይድ እዚ ብፍሉይ ንስረሓት ሚኒስትሪ ዜና ዝምልከት እኳ እንተኾነ እተን ካልኦት ብህግደፍ፡ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ፡ሃ.ማ.ደ.ኤ ፓሊስ መኮነን ሓበሬታን ጎስጋስን ዝሕተማ መጽሄት 'ውን ካብዚ ዝተፈለየ ኣሰራርሓ የብለንን፡፡ ኩለን ንመንግስቲ ብኣሉታዊ መዳይ ዝጸሉ መረረታት ህዝቢ፡ ሽግርን ወጽዓን ህዝቢ፡ ማሕበራዊ ጸገማት ህዝቢ ዘይቁቡል ኣሰራርሓ  ትካላት መንግስቲ ንጉቦን ብልሽውናን ዝምልከት ነገራት ብላዕሊ እንተዘይ ተኣዚዘን ኣብ ጹሑፋተን ከእንግዳ ማለት ዘይሕሰብ እዩ፡፡ ነጻን ጸገማት ዘይብለንን ተደናጊሩ ነዚ ዝመስል ጽሑፋት ዝለኣኸ ውልቐ ሰብ ተጸዊዑ እዩ ዝሕተትን መጠንቐቕታ ወይ ስጉምቲ ዝውሰደሉ፡፡

## *ዘይቋረጽ ዓቢ ድራማ*

እዚ እቲ ቀጻሊ ዝደጋገም ዝዓበየ ድራማ እዩ፡፡ ምስሊ መራሒ ጨፍላቒ ጉጅለ ህግደፍ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዝተኻእለ መጠን ካብ መስኮት ቴሌቪዥን ኤርትራ ዘይምእላይን ዘይምኽዋልን ንሱ ጀግና፡ ንሱ ሓቀኛ፡ ንሱ ጻዕራም.....ሃገር ብዘይ ንሱ ትርጉም ኣልቦ ምዃና ኣብ ተዓዘብቲ ምስራጽ፡፡ ብተወሳኺ ኣዝዩ ገዚፍ ደገፍ ህዝቢ ከም ዘለዎ ንምምሳል ምስ ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ህግደፍ፡ ሃማመተኤ፡ሃማደኤ ብምትሕብባርን ምውህሃድን ተኣማኒ ብዝኾነ ረቂቕ ጥበብን ጻዕርን ውዳበን ዝሓለፎ ተዋስኦታት ምፍጣር፡፡ እተን ኩሉ ግዜ ተሓኒነን ተቖኒነን ጻዓዱ ዙርያታት ወድየን ፋኖን ዲኖን ደሪበን ጭማራ ጉራዴ ብምሓዝ ዝድብለን ዝስዕስዓን ዘጣቕዓን ዝዕልላን ኣዴታት ነዚ ረቂቕ ድራማ ብመገዲ ሃማደኤ ብስም ቁዱሳት መላእኽትን ጻድቃናትን ዝተወደባ እየን፡፡ ሓቂ መሲልዎ ውነ ዘውጽእ ላኼማ ኣይሰኣንን እዩ፡፡ እቲ ካሊእ ብምምሕዳርን በዞም ንብሎም ዘለና መሳርሕቲ ህግደፍ ተገዲዱ ዝወጽእ እዩ፡፡ ብልክዕ ዝደናገር ሓቂ ዝመስሎ ኣሎ መብዛሕቲኡ ግን ሕልንኡ ከይተቐበሎ ፈሪሁ እዩ ዘጣቕዕ፡፡ እቲ ደጋጊሙ ዝገብሮ ምብጻሕን ዑደትን ኣብ ዞባታት ኤርትራ መመረቕታ ዝተፈላለየ ነገራት እቲ ዘዝበለጸ ናይቲ ትርኢት ብዝግባእ ተዋሃሂዱን ኤዲቲንግ ተገይሩን እዩ ብመገዲ ቴሌቪዥን ዝመሓላለፍ፡፡ ብዙሕ ግናያት ከምዘለዎ 'ውን ክዝንጋዕ ኣይግባእን፡፡ እዚ መደብ 'ዚ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ሃገራት ኣብቲ ሚኒስትሪ ኣቃልቦ ስለዘለዎ ብኹሉ ቋንቋታት ደጋጊምካ ምርኣዩን ምቅሉዕን ግዴታ እዩ፡፡ ቀዲሞም ዝተዛረብዎ ቃላት ከም ወርቂ ቀለም ብምቁጻር በቶም ኪኢላታት ጻሓፍቲ ብዘተሓርዩ ጭርሖታት ደጋጊመካ ክቃላሕ ኣለዎ፡፡ ብተወሳኺ ምስሊ ካልኦት ሰበ-ስልጣን ሚኒስተራት ይኹን ኣዘዝቲ ሰራዊት ምስቲ ዝቐርብ ዛዕባ ወይ ዜና ንማለቱ እምበር ደጋጊምካ ምዝውታሩ ኣይፈቀድን እዩ፡፡ እዚ ክብል ከለኹ ግን ገለ ገለ ቀዳሞት ሰዓብቱን እሙናት ናቱን ንዝንኡን ተግባራትን ዝውዱሱ ልኡኻት ኣይቀርቡን ማለተይ ኣይኮንኩን፡፡ እዚ ዓቢ ድራማ 'ዚ መዓልታዊ ብላዕሊ ተሰሪዑ ዝመጽእ መደብ 'ዩ መሰነይታ ደርፍታቱ ከይተረፉ ተወሲኑ 'ዩ ዝመጽእ ኣብዚ መደብ እዚ ሪኢቶ ይኹን ሕቶ ከልዕል ዝኽእል ሓደ ኣባል የለን ነዚ መደብ 'ዚ ብሓላፍነት ወሲዱ ዝሰርሓሉ ትካል ሚኒስትሪ ዜና 'ዩ ኢሳይያስ ኣብ ዝነጠቦ ካብ ሀ-ፐ ነቲ ኩነታት እናሰኣለ ዝኸይድን ነቲ ዑደት መሰነይታ ዝኸውን ተሃራፍን ተፈታውን ቃላት ዝምእርር እዚ ክፍሊ እዩ፡፡

## *ካልኣይ ዝዓበየ ድራማ*

ህዝቢ ብመሪሕነት ጉጅለ ህግደፍ ዕጉብን ሕጉስን ከም ዘሎ ንምምሳል ዝግበር ድራማ እዩ፡፡ ኣብ ኤርትራ ሕሰም መነባብሮ ስእነትን ከም ዘየለ ንምምሳል ዝዕየ ስራሕ እዩ፡፡ ብርግጽ ሎሚ ኣብ ኤርትራ መነባብሮ ክሳብ ክንደይ ሓይልዎን ሽጊርዎን ኣሎ ሓቢእካ ትሓብኦ ነገር ኣይኮነን፡፡ ውሑዳት ንመምልኢ ውልቐ ጁባ ጉጅለ ህግደፍ ኢለን ዝለማዓን ዝተሃንጻን ኣብ ሃገራዊ እቶት ፍጹም መቐይሮ ከምጽኣ ዘይከኣላ ነገራት እናርኣኻ ምቕሻሽ እዩ፡፡ ህግደፍ ኣሽንባይ ሓድሽ ክሰርሕ ንዝነበረ 'ውን ክሰርሐን ኣይከኣለን፡፡ ፋብሪካ ኮካ፡ ፋብሪካ ቢራ፡ፋብሪካ ዘይቲ፣፡ፋብሪካ ክርቢት....ነዊሕ እዋን ጠጠው ምባሉን ገሊኡ ካብ ናጽነት ክሳብ ሕጂ ክሰርሕ ከምዘይከኣለን ማንም ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፡፡ ናይ ህንጻ ስራሓት ጠጠው ካብ ዝብል ነዊሕ ግዜ ሓሊፉ ኣሎ፡፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት ናብ ዘመናውነት ተሰጋጊሩ ክትብል ብፍጹም ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ እዚ ኩሉ ማሕለኻታት ኮፍ ኢሉ ተቐሚጡ እንከሎ ህዝቢ ዝተመሓየሸ ናብራ ከም ዝመርሕ ብመሪሕነት ኢሳይያስ ሕጉሰ ከምዘሎን ደጋጊምካ ከተቃልሕ ድራማ እምበር ሓቂ ኣይኮነን፡፡ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብዙሕ ሰብ ብድኽነት ተጠላቒዩ ዘይ ንቡር ተርእዮ ጉልባቡ ቀሊዑ እዩ፡፡ ጽሩይ ክዳን ወድየን ዝልምና ኣዴታትን መሩዑትን ብዙሓት እየን፡፡ ኣስሓይታን ቁርን እናተወቁዑ ህጻወንቲ ቆልዑ ሕላፌ ሰዓት ለይቲ ከይተረፈ ኣብ ከም በዓል ቀጽሪ ኤክስፖ ሽጋራ ማስቲካ ክሸጡ ከትርኢ ንቡር ኮይኑ እዩ፡፡ ነዚ ነገርዚ ከይክሻሕ ሽቂጥኩም ለሚንኩም ኢሉ ዝገፍፍ ስርዓት እዩ ኣብ ኤርትራ ዘሎ፡፡ ስለ ዝለመንካ ማስቲካ ሽጋራ ሸቂጥካ ቅርሺ ክልተ ቕርሺ ስለ ዝረኸብካ 500 ናቕፋ ከፊልካ ካብ እንዳ ሰዓል ክትወጽእ ትግደድ፡፡ ነዚ ነገራት ቴሌቪዥን ኤርትራ ከቕርብ ትብዓት የብሉን ነቲ ምሉእ ብምሉእ ካብ መንግስቲ ተጸባይ ኮይኑ ዘሎ ስኡን ሕብረተሰብ ገለ ምጽወታታት እናገበርካ ንመንግስቲ ከም ዝውድስ ምግባር እዩ፡፡ እቲ ኣብ ቴሌቪዥን ዝቃላሕ ሓቅነት ዘይብሉ ድማ ድማ እዚ'ዩ፡፡መሬት ህዝቢ ብስም ቦንድ ሓላፊ ዝተዋህቡ እኮ ኣመስጊኖም ወዲሶም ዘይፈልጡ ብስም ምውጋን ገዛውቲ መንግቲ ዓበይቲ ቪላታት ዝተገዝሙ እኳ ኣብ ቴሌቪዥን ዘይመጹ ዘይወደሱ ሰብኣያ ደቃ ዝሰወኣት ጻንታ ዝኾነት 500 ናቕፋ ስለዝሃብካያ ስለምንታይ መንግስቲ ከተመስግንን ስለኹም ክትብልን ተደልዩ ሚስጢር ናይቲ ተዋስኦ ርዱእ ይመስለኒ፡፡

- እቲ ስርዓት ዘይደልዮ ሰብ ንኸእለ ወይ ኣብቲ ስራሕ ብሰንኪ ኢሳይያስ ለውጢ መጺኡ ንኸበሃል ዝግበር ድራማታት ኣሎ፡፡ ነዚ ኩሉ ነገራት ከም ስራሕ ብሓላፍነት ዝወስዶ ሚኒስትሪ ዜና 'ዩ ኣብ ኤርትራ ብልሽውና የለን እንተ ኢልካ ትርጉምን ኣምርን ብልሽውና

ገና ኣይፈለጥካዮን ዘለኻ ማለት እዩ፡፡ ብሕግን ቅዋምን ተማእዚኑ ዝኸይድ መንግስቲ ክሳብ ዘይሃለወ ድማ ብልሽውና ክጠፍእ ዝከኣል ኣይመስለንን፡፡ ምናልባት ሓይሊ ንዘይብሎም ገለ ሚኒስትራት ሰብ መዝታትን ዘይጸሉ ክኸውን ይኽእል፡፡ ሰብ ስልጣን መንግስቲ ግን ኩሎም ኣብ ብልሽውና ዝተቛማጡዑ እዮም ማእለያ ዘይብሉ ሃብቲ ዝገበሩ ንስሙ እዮም፡፡ ዓበይቲ ገዛውቲ ብስሞምን ከም ካልእን ዝገበሩ ንስሙ እዮም፡፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት ሕርሻ፡ ምርባሕ ጥሪት፡ ንግዲ ክገብሩ ዝኽልክሎም ኣካል የለን፡፡ ብናጻ ጉልበት ሃገራዊ ኣገልግሎት ማእለያ  ዘይብሉ ሃብቲ ወኒኖም ኢዮም ተመላሲ ደሞዝ ሰራዊት ከይተረፈ ኣብ ጅቦኦም ዘእትው እዮም፡፡ ናይ ኦዲት ዝበሃል  ቁጽጽር  የለን ብስም ስግረ ዶብ ዝሰርሑ ንስሙ እዮም  እቲ ሓቂ ከምዚ ክንሱ ስለምንታይ ንገለ ሰባት ንምውቃዕ ህዝቢ ንምድንጋር ድራማ ተደልዩ ናይ በዓል ወዲ ጉላይ ኩነታት ሓደ ካብቲ ተዋስኦታት ናይ ሚዲያ እዩ፡፡ ሚኒስትሪ ዜና ነዚ ነገር ልዕሊ ጉቡእ ዕርቃኑ ከውጽኦ ብላዕሊ ዝተኣዘዘ ስራሕ እዩ ኣብ ቴሌቪዥን ጋዜጣ ሬድዮ ብምቅላሕ ህዝቢ መንግስቲ ይስርሕ ኣሎ ንምባል ንምድንጋር ካብ ብልሽውና ነጻ ኣዛዚ ሰራዊት ኣሎ እንተተብሂሉ ሓሶት እዩ፡፡ ብመን ዓብለለ መን ብዙሕ ሃብቲ ገበረ ኣብ ውድድር ናይ ምቅድዳም ዘለው ሰባት እዮም ፡፡ ኣቃልቦ ተዋሂብዎ ቁጽጽር ዝተገበረሉን ብሚኒስትሪ ዜና ዝተቓለሓሉን ሰዓትን ግዜን ግን የለን፡፡

- ዓበይቲ ናይ ጓይላ ፕሮግራማት እናወደብካ ዝግበር ድራማ ኣሎ፡፡ እዚ ድራማ 'ዚ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ንዝነብር ህዝቢ ዝቀነዐ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ዓዲ 'ውን ዝሰራሓሉ እዩ፡፡ ኣብ ወጻኢ ዓዲ ዝነበር ኤርትራዊ ኣብ ዘዘለዎ  መንፈስ ተወዳዳሪ ከም ዝኸውን ምግባር እዩ፡፡ ብኡ  ኣቢልካ ድማ ምስ መንግስቲ ከም ማይን ጻባን ተወሃሂዱ ከምዘሎ ብናይ ቴሌቪዥን ድራማ ምቅላሕ 'ዩ ንመንግስቲ ዘይውድስ ንህግደፍ ዘየመጉስ ቃላት እንተተዛሪብካ ኣብ መሳኹቲ ቴሌቪዥን ከምዘይትረኣይ ፍሉጥ 'ዩ ግድን ሰናይ ምንዮትካ ክትገልጽ ቤተሰብ ክርእየካ ነቲ ቀዲሙ ዝተብህለ ነገር ስቅታ ግብር ኣቢልካ ነዚ ስራሕ ንምትግባር ዓበይቲ ናይ ካሜራ ስኣልቲ ጋዜጠኛታት ዝንቀሳቀሱሉ ዑደት እዩ ነቲ መደብ ተሃራፍን ሰሓብን ንምግባር'ውን ፍቱዋት ስነ-ጥበባውያን ዝዋስኡሉ እዩ፡፡ እዚ መደብ 'ዚ ማለት “ደቂ ሓደ ልቢ” ኣዝዩ ልዑል ግምትን ኣቓልቦን ዝወሃቦ ናይ ሚኒስትሪ ዜና ስራሕ እዩ፡፡
- እዚ ኣብ መፋርቕ 2004 ዝጀመረ ንቡዙሓት ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ መንእሰያት ቀልቢ ዝሰሓበ እዩ መደብ ፌስቲቫል መንእሰያት ኣብ መዓስከር ሳዋ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመት ኣብዚ ፌስቲቫል 'ዚ ልዑል ቆላሕታ ዝወሃቦ ሓደ ጉዳይ ኣሎ፡፡ ሰሚናር  ካብ ወጻኢ

ዓዲ ንዝመጹ ብፍላይ ብመራሒ ሃገር ኢሳይያስ ላዕለዎት ኣባላት ህግደፍን ካልኣይ ምዕዳል ሽልማት ዛግረ ልዑል ነጥቢ ንዘምጽኡ መንእሰያት ካብ ውሽጢ ዓድን ወጻእን እዚ ምዕዳል ሽልማት'ዚ ብመራሒ ሃገር ኢሳይያስ ኣፈወርቂ እዩ ዝካየድ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከም ሰቡ ምጥቃዕ እዩ፡፡ እዚ ፕሮግራም እዚ ልዑል ምድላዋት እዩ ዝግበረሉ ካሜራታት ሚኒስትሪ ዜና ልዕሊ ዚ ዝስራዕ ስራሕ ኣብቲ ፌስቲቫል የብለንን ሓደ ካብ ወጻኢ ዝመጸ ዜጋ ካብ ኣስመራ ንሳዋ በጺሑ ክምለስ ሰሙን መመላእታ ጽፉፍ ገዛ መደቀስን መግብን ተገይሩሉ ክኸፍሎ ዝሕተቶ ገንዘብ 20 ኣመሪካን ዶላር ጥራይ እዩ፡፡ ብልክዕ ድዩ ደረጃ ትምህርቲ ሃገርና ኣብ ከምዚ ለውጢ በጺሑ ዘተሓታትት እዩ፡፡ ንክድዚ ዝኣኹሉ ተመሃሮ ምሉእ ነጥቢ ከምጽኡ ዝኸብድ እዩ፡፡ መንእሰያት ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ንትምህርቲ ጸሊእዎ ኣሎ ዘካትዕ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ኢለመንተሪ ዘለው ተመሃሮ ኣብ ክላስ ብዝተኻእለ መጠን ከይተርፉ መምሃራን ናይ ነጥቢ ሓገዝ ክገብሩ ብወግዒ ዝተሓበሩሉ ጉዳይ እዩ እንተ ናይቶም ካብ ወጻኢ ዝመጹ ግን ብዙሕ ዘይነጹርነት የብሉን፡፡ ናብ ኮሌጃት ዘእቱ ነጥቢ ዘምጽኡ እምበር ሙሉእ ኣርባዕተ ነጥቢ ዝረኸቡ ከም ዘይኮኑ ይፍለጥ እዩ፡፡

- ምስራሕን ምግልባጥን ዜና እዚ እቲ ዝቐለለን ዝፈኾሰን ስራሓት እቲ ሚኒስትሪ እዩ፡፡ ኩሎም ዜናታት ውሽጥን ወጻእን ልክዕ ብከምቲ ዝመጽዎን ሓቅነቶምን ኣይፍነውን እዮም፡፡ ኣወንታውን ሃናጽን ናይዘይትደልዮም ወገናት ከም ኢትዮጵያ፡ ኣመሪካ፡ኢንግሊዝ.....ወዘተ ጻላእቲ ዝሕሰቡ ጽቡቕ ናታቶም ክትጽሕፍ ኣይፈቀድን እዩ ብኣንጻሩ ነቲ ጽቡቕ ናብ ክፉእ ንምልዋጥ ፈጣራታት ክካየድ ኣለዎ፡፡ ነቲ ግዜን ኩውንነትን ዘይገልጹ ሕማቕ ስእልታት እናለጠፍካ ሓደሽቲ ዜናታት ባዕልኻ ምፍጣር እዩ፡፡ እዚ ኣብ ኩነታት ሶማል ምስ ኢትዮጵያ ደጋጊሙ ዝስራሓሉ ዝነበረ ጉዳይ እዩ፡፡ ናይዘን ከም ጻላእቲ ዝሕሰባ ሃገራት ኣራማ ባንዴራ ኣብ መስኮት ቴሌቪዥን ምርኣይ ኩልኩል ኢዩ፡፡ ናይ ኣመሪካ ወይ እንግሊዝ ስእሊ ዘለዎ ማልያ ቆብዕ ጫማ መንዲል ወዘተ..... ጌርካ ቃለ-መሕትት ክትገብር ኣይፈቀድን እዩ፡፡ ንኸምዚ ዓይነት ኣውጽዎ እለይዎ ዝተባህሉ ብዙሓት እዮም፡፡ ካብዚ ፍልይ ዝበለ ዋላ'ኳ ኣብ ኩናት ኢትዮ ኤርትራ 'ውን ይስራሕ እንተነበረ ናይ ደምሒት ተጋደልቲ መጥቃዕቲ ፈጺሞም እናበልካ ናይ ታዕሊም ስእልታት ብተደጋጋሚ ምርኣይ ልሙድ እዩ፡፡ ኣሽንባይ ደምሒት ዘካይድዎ ኩናት ኣብዚ ዝሓላፈ ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ 'ውን ውሽጢ ከናለ ኣትዩ ዝቐድሕ በዓል ኣመሪካ ኣይነበረን ኩሉ ብማዕዶ ዝተቐድሐን ድሕሪ ኩናት ዝግበር ዝነበረ ተዋስኦታት እዩ፡፡ እተን ካሜራታት ግን ብልክዕ ዘመናውያን እየን፡፡

- ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ፍሉይ ህዝቢ ምዃኑ ዝግበር ዘይኩውንነታዊ ድራማ እዩ ብርግጽ ማንም ሰብ ብመንነቱ ይኾርዕን ይሕበንን እዩ፡፡ ሓደ ኣመሪካዊ ብኣመሪካውነቱ ይሕበን፡ ሓደ ወዲ ሰራልዮን ድማ ሰራልዮናዊ ብምዃኑ ይኾርዕ ንዝኮነ ሰብ መንነቱ ክብሩ እዩ መንነት ግን ምስ ካልኦት ጎረባብቲ ህዝብታት መዋገይ ዛዕባ ክኸውን ዝግባእ ኣይመስለንን፡፡ ሓደ ካብቲ ቀጺሉ ዝስራሓሉ ድራማ እዚ እዩ፡፡ ነቲ ህዝቢ ብዘይኮኖን ዘይበጽሖን ዝናን ትምክሕትን መሊእካ ኣብ ጎንኻ ከምዝኸውን ምግባር እዩ፡፡ ሓደገኛታት ቅጽላት ኣስማት እናሃብካ ቀንዲ ውራይ ረሲዑ ሰዓቢኻ ከም ዝኸውን ምግባር እዩ፡፡ ኣብ ባይታ ክተረጋግጾ ዘይትኽእል ተኣምራት ሓንሳእ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ እስራኤል ሓንሳብ ሲንጋፖር ነቲ ህዝቢ ንምግጋይ ተደጋጋሚ ዝስራሕ ተዋስኦ እዩ፡፡ ብጀካ ዚ በይኑ ኣንጻር በዙሓት ይምክት ከም ዘሎ ብዙሓት ጸላእቲ ከም ዘለውዎ ኣእዛኑ ምጽማሙ እዩ፡፡
- ካልእ ኩሉ መደባት ሬድዮ ይኹን ቴሌቪዥን ጋዜጣ ካብ ፖለቲካውን ማሕበራውን ጉዳያት ወጻኢ ብምግባር ናይ መዛናግዒ መደባት ከም ዝስዕበሎም ምግባር እዩ፡፡ ኣብቲ ነዚ ጉዳይ ዝተሓዝኣ ፕሮግራማት ወይ ዓውድታት ድማ በቲ ናይ ሚኒስትሪ ኣፍልጦ ዘለዎም ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ብቀረባ ዝረኸበዎን ናይ ስራሕ ተልእኾታት ዝህቦም ሰባት ጥራይ እዩ ዝኸውን ንኣብነት ዓውዲ ኣጋር ጋዜጠኛ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ብዛዕባ ሚኪኤለ በርሀ ካልእ ኢዱ ኣየንበረሉን እዩ፡፡ ስለምንታይ እዩ ሚኪኤለ በርሀ ከምኡ ዓይነት ማለት መረረት ህዝቢ ዝመስሉ ንውሱን ትካላትን ሓለፍትን ዝወቕሱን ዘቃልዑን ነገራት ክጽሕፍ ዕድል ተዋሂቡን ተኣዚዙን ናቱ ተልእኾ ኣለዎ፡፡ ካልእ ሰብ ከምኡ ዓይነት ጽሑፋት ተጽሒፉ ግን ተሓታቲ እዩ፡፡ ዓምድታት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኩሉ ብኸምዚ ዓይነት መፍትሕታት ዝተቖለፈ እዩ፡፡ ናይዞም ሰባት እዚኣቶም ጽሑፍ ሳንሱር ውን ኣይግበርን እዩ ካልኦት ጽሑፋት ካብቲ ዝለዓለ ክሳብ እቲ ዝተሓተ ደብዳቤታት ኣንበብቲ ሓደ ብሓደ በቲ ናይቲ ክፍሊ ስታፍ ምቁጽጻር ተራእዮም ብደቒቕ ተፈቲሾም እዮም ዝሓልፉ፡፡ ዝቑረጽ ተቖሪጹ ዝምላእ ተመሊኡ ክሳብ ኣርእስታት ናይቲ ዝመጽእ ጽሑፋት ክትቅይር ተኽእሎታት ኣሎ፡፡
- ካልእ ከም ልዝብ መንእሰያት መደብ ብጋሃዲ ዝኣመሳሰሉ ሓቂ ዝመስሉ ተዋስኦታት ’ውን ኣለው እዚ ስራሕ እዚ ብቐንዱ ብቀጠታ ኣይመሓላለፍን እዩ ኩሉ ነገር ተመሊኡ ዘየድሊ ተቐንጢቡ እዩ ዝቃላሕ፡፡ ከም ካልኣይ እቶም ኣብዚ ዝመጹን ዝዕደሙን ሰባት ንባዕሎም ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይርድኡ ንጡፋት ኣባላት ህግደፍ እዮም ዓይኑ

ዘንቆሐ ናብ ብዙሕ ስራሓት ዝለኣኽ ጋዜጠኛ ይኹን ጸሓፊ ብደቂቕ ይፈልጦም እዩ፡፡ ሓደ ደሞክራሰያዊ ድሌትካ ትዛረበሉ ክፉት ኣብ ክትገብሮ ምፍታን ግን ድራማ እዩ፡፡

- ንኢሳይያስ ንምሕጓስ ዝግበር ተወሲኹ ድራማታት ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ 2008 ኢሳይያስ ብቁሉዕ ኣብ ኣኼባ ንስፖርት ኮሚሽን ጸሪፍዎን ነቒፍዎን ነይሩ ክሳብ እዞም ክራባታ ዘንጠልጥሉ ሰባት ካብዚ ቅድመይ እለዮም ክብል ንሮሞዳን ኣውልያይ ኣጋጢሙሉ ነይሩ፡፡ እዚ ኢሳይያስ ዝበሎን እቲ ኣኼባን ኣብ ቴሌቪዥን ኣይተቓልሐን ንድሌታት ኢሳይያስ ንምርዋይ ግን ብኡ ንብኡ እንትርፎ ሳምሶም ሃይለ ብዓውዲ ሕርሻ ናብ ሚኒስትሪ ዜና ከም ኣዳላዊ ኮይኑ ዝኣተወሞ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ናይ ስፖርት ጋዜጠኛ ዝነበረ ነቶም ሓደስቲ ናይ ስፖርት ጋዜጠኛታት ብምእካብ "ስፖርት ሃገርና ከመይ ኣሎ?" ዝብል ኣርእስቲ ሒዙ ገብረመስቀል ነቲ ጉዳይ ከቃልዖ ገለ ሰባት ክንቀፉ ተኣዚዙ ብልክዕ ገብረመስቀል ጋዜጠኛ እዩ፡፡ ኣብ ስፖርት ዘለዎ ኣፍልጦ ግን ከም ዝኾነ ተራ ሰብ እዩ ሓታቲ ሓደን ፈረቓን 1 1/2 ልዕሊ ተሓታቲ ኣፍልጦ እዩ ክህልዎ ዝግባእ እቲ ስራሕ ንኢሳይያስ ንምሕጓስ ገለ ሰባት ድማ ንምውቃዕ ስለ ዝነበረ እቲ ድራማ ተሰሪሑ ኣይጸነሐን 'ውን ተሃድሶ ስፖርት ሃገርና ብዝብል ዓውደ መጽናዕትን ኣኼባን ህዝቢ ንምድንጋር ደስኪሎም ዝነበሩ ሰባት ከይተረፉ ኣብቲ ኣኼባን ምርጫን ከይተወዳደሩ ከም ዝኣትው ተገይሩ፡፡ ስፖርት ኤርትራ ፍጹም ምድኻሙ ዝዝንጋዕ ኣይመስለንን ብጀካ ቅድድም ብሽክለታ እቲ ካሊእ ተስፋታቱ ቀሂሙ እዩ፡፡ ምልእቲ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ዑቕባ ክትሓትት ተራእዩን ተሰሚዑን'ውን ኣይፈልጥን'ዩ፡፡ ኣስመራ ስታድዮም በዘይ ተሳትፎ ተዓዘብቲ በይኖም ሕልምልም እናበሉ ክጻወቱ ምንባሮም ዝርሳዕ ኣይመስለንን፡፡ ነዝን ካልእን ንምፍዋስን ኣለና ንምባልን ክኣዩ ውድድር ትሕቲ ዕስራ ዓመት ሴካፋ ልዕሊ ዓቐን ወጻኢ ብምግባር ተዓዘብቲ ክስሕብ ዝኽኣለ ምናልባት ከምዚላ ዓይነት ወጻኢ ንዋንጫ ኣፍሪቃ 'ውን ተገይሩ ኣይፈልጥን እዩ፡፡ ኣስመራ እስቶድዮም ኣህጉራዊ ጸወታ ኣኣንጊዱ ብተዓዘብቲ መሊኡ እንከሎ ብሰራዊት ተኸቢቡ ግፋ ከም ዝተካየደሉ ማንም ኣፍቃሪ ስፖርት ዝርስዖ ኣይኮነን፡፡ ነዚ በሰላ እዚ ንምፍዋስ ኣቃልቦ ካልኦት ንምስሓብ ከኣዩ ዝተጋነነ ድራማ ክካየድ ዝተወሰነ፡፡ ንተዓዛቢ ምምስጋን ምሙጋስን ኣይጽላእን እዩ፡፡ ዋላ ሓይሊ 12 በሎ ዋላ ካልእ ቃል ወስኽሉ ገምጋም የብሉን ፡፡ ስለምንታይ ግን ኣብታ ናይ ሴካፋ ጽወታ ናይ ወጻኢ ሃገር ጸወታታት ዘእንግዳ ተኸልኪለን ስለምንታይ

ካልኣይ መስመር ቲቪ ኤሬ ጸወታ ፕሪመርሊግን ላሊጋን ከየአንገድ ንክልተ ሳምንቲ ታዓጽ'ዩ? ዝኾነ ታዓዛቢ ገምጋም ዝህበሉ ጉዳይ እዩ፡፡

- ኣብ መጠረሽታ ሓደ ንሓቒ ኣጸቢቑ ዘቃልዕ ክውንነት ብምጥቃስ ጽሑፈይ ክዛዝም፡፡ ነብሲ ወከፍ ድራማ ክትዝርዝሮ ዝከኣል ኣይመስለንን ኩሉ ናይቲ ሚኒስትሪ ስራሓት ሽርሒ ጉርሒ ዝበዝሖ መን ኣዳላዊኡን ጸሓፊኡ'ውን ስለዘይፍለጥ ብሰነ-ጥበባዊ ደራሲ ሰኣሊ ሚኪኤል ኣዶናይ ዝቐረበ መዘንግዕ ጋዜጠኛ ግን ዓቢ ትኹረት ዝወሃቦ እዩ፡፡ ሚኪኤለ ከም ተሓታቲ ጋዜጠኛ ቲቪ ኤሬ ድማ ከም ሓተትቲ ኣብ 24 ግንቦት 2010 ዝተፈነወ መደብ ከይሓስቡሉ ሞሊቕዎም እዩ፡፡ ኩሎም ዝሓትዎ ዝነበሩ ጋዜጠኛታት ዝተዳለወ ጽሑፍ ከም ዝመጸም እዮም ዝሕብርዎ ነይሮም፡፡ ገዲሞም ሓድሾም ካብቲ ሓቂ ክወጹ ኣይከኣሉን እዚ ሕቶ 'ዚ ተዳልዩ እዩ መጺኡ ንሕና ዝፈለጥናዮ የብልናን ዝብል መልሲ እዮም ዝህቡ ነይሮም፡፡ ካብዚ ዝዓቢ መረጋገጺ የለን፡፡ ማዕከን ዜናን ሓበሬታን ጉጅለ ህግደፍ ዝተብሃልካዮ ምግባር ጥራሕ እዩ፡፡